# ቃል ጸጋ

ሰነ 2010 | JUNE 2010 Kal Tsega | 13 ሕታም ቍ.2

## ኵሎም ድማ መንፈስ ቅዱስ መልኦም … ግብ. ሃዋ. 2፥4





ቃል ጸጋ ብሓልዮት ወንጌላዊት ሉተራዊት ቤት ክርስትያን ኤርትራውያን ሰሜን ኣመሪካ እትሕተም ርብዓዊት መጽሄት እያ

Kal Tsega is published quarterly by the Eritrean Evangelical Lutheran Church in North America

### ትሕዝቶ።

1. ዝስማዕ ጸሎት
2. ሃዋርያ ጳውሎስ
3. “ወንጌል ንዚኣምን ዘበለ ዅሉ ሓይሊ ኣምላኽ ንምድሓን እዩ።”
4. ምእንቲ ሕድገት ሓጥያት ዝሓለፈ ህይወት
5. ጉባኤ 2010
6. ሕቶታት ካብ መጽሓፍ ቅዱስ

# ዝስማዕ ጸሎት

ጸሎት ሓደ ብውሽጥኻ ዚደፍእ ሓይሊ ኾይኑ፡ ምስቲ ዝፈጠረካ ወይ እተምልኽ ፈጣሪ እትዋሰኣሉ መገዲ እዩ። ምናዳ'ኳ ኣብቲ እግዚኣብሄር ዝሃቦ ዘይልወጥ ቃል ተስፋ ኣድሂብካ እትጽልዮ ጸሎት እንተኾይኑ፡ እቲ ካባኻ ወይ መዓሙቝ ልብኻ ዚወጽእ ጸሎት (ዘረባ)፡ ምስቲ ካብ ክልተ ዝኣፉ ሰይፊ ዝበልሕ፡ ነፍስን መንፈስን፡ መፈላለዪ ኣካላትን ኣንጉዕን ክሳዕ ዚፈላሊ ዚሰጥም፡ ኣብ ምሕላልን ሓሳብ ልብን ዚፈርድ፡ ህያው ቃል እግዚኣብሄር፡ ትጋጠም ኣሎኻ ማለት እዩ። እብራውያን 4፡ 12-13።

ቅድሚ ነዊሕ ዓመታት፡ በቲ ኣብ ሃገርና ዝነበረ ናይ ቃልሲ ዘመን፡ ሓንቲ ካብተን በቲ እዋን እቲ ብማሕበር ምንቕቓሕ ወንጌላዊት ቤተክርስትያን እትዝመር ዝነበረት ህብብቲ መዝሙር ጸሎት፡ ክጠቕስ እፈቱ። ኣብ መዝሙር ሰላም ቁጽሪ 301 እትርከብ እያ።

1. "ደሃይ ፍቕርኻ ሰሚዔ ጐይታይ።
   ኣጽዋር እምነት ኣልዒለ ናባኻ ክቐርብ ትምኒተይ እዩ፡ ዎ ጐይታይ ኣኽእለኒ።
   ኣቕርበኒ ናብቲ መስቀልካ፡ ጐይታየ ክስዕበካ፡ ክነጽህ ብደምካ፡ ዎ ብሩኽ ጐይታይ ብጽሩይ ቅዱስ ደምካ።
2. ጐይታ ብቕዱስ ሓይሊ ጸጋኻ፡ ከገልግል ቀድስኒ፡ ንነፍሰይ ናባኻ ኣቕንዓያ፡ ፍቓድካ ኣሕድረለይ። ኣቕርበኒ…
3. ዎ ቕዱስ ኣምላኸይ፡ ኣብ ቅድሚኻ፡ ብጸሎት ተምበርኪኸ፡ ከም ዓርኪ ምስ ዓርኩ ዚዘራረብ፡ እዘራረብ ምሳኻ። ኣቕርበኒ…

እዛ መዝሙር እዚኣ፡ ሕጂውን እንተኾነ መቓልሓ ክሰምዖ ከሎኹ፡ ብሓቂ እቶም ብዓው ዝበለ ድምጺ ዚዝምርዋ ዝነበሩ፡ መዘምራን ማሕበር ምንቕቓሕ ወ.ቤ.ክ.ኤ፡ "ደሃይ ፍቕሪ ወይ ከኣ ነቲ ካብ ክልተ ዝኣፉ ሰይፊ ዝበልሕ፡ ነፍስን መንፈስን፡ መፈላለዪ ኣካላትን ኣንጉዕን ክሳዕ ዚፈላሊ ዚሰጥም (ኣባይን ኣባኻን ዚኣቱ ማለት እዩ) ቃል እግዚኣብሄር ተስፋ ብምግባር፡ ኣብ ቅድሚኡ (ብልቦምን መዝሙሮምን) ብጸሎት ተምበርኪኾም፡ ከም ሓደ ዓርኪ ምስ ዓርኩ ብዘይስኽፍታን ተጉላባን ዚዘራረብ ይዘራረቡ።

እታ መዝሙር፡ <u>"ደሃይ ፍቕርኻ ሰሚዔ ጐይታይ… ብጸሎት ተምበርኪኸ፡</u> ከም ዓርኪ ምስ ዓርኩ ዚዘራረብ እዘራረብ ምሳኻ። ነዚ ኽገብር እንተኾነውን ኣቕርበኒ! ኣኽእለኒ፡ ዚብል ሓሳብ እዩ ዘለዋ። ስለዚ ዝኾነ ይኹን ጸሎት፡ ካብቲ እግዚኣብሄር ዝሀቦ ቓል ተስፋ ይብገስ፡ እቲ ዚጽሊ ድማ ኣጽዋር እምነት ወይ ኣብቲ ቓል እምነት ብምግባር፡ ምስቲ ጸሎት ዚሰምዕ እግዚኣብሄር ይዋሳእ ማለት እዩ።

ጸሎት ሓደ ከም ድልየትካ እትጅምሮን እትብሎን ኣይኮነን። ጸሎት ባዕልኻ እትጅምሮ ወይ እትውድኦ ፕሮግራምውን ኣይኮነን። ቅድሚ ምጽላይካ፡ ምስ ኣየናይ ሓይሊን ስልጣንን ትዛራረብ ከም ዘሎኻ ምፍላጥ የድሊ። ክትጽሊ ከሎኻ እቲ ዝወሃበካ ጸሎት፡ ምስቲ ንጽሕድታት ዚሰባብር፡ ንሃልሃልታ ሓዊ ዚስንጥቕ፡ ንምድረ-በዳ ዜንቀጥቅጥ፡ ንእራባት ዜውልደንን፡ ንዱር ዜርግፍ፡ ቃል እግዚኣብሄር ትዛራረብ ከም ዘሎኻ ፍለጥ። መዝ 29፡ 5-9።

ሓደ ሓደ ግዜ ክትጽሊ ከሎኻ ኬጋጥመካ ዚኽእል ጸገም ኣሎ። ብፍርሃትን ምንቅጥቃጥን መንፈስካ ተስፋ ዝቘርጸሉ፡ ከም ነብዩ ኢሳይያስ ድማ፡ "ከናፍረይ ዝርኹስ ሰብ እየ፡ ወይለይ፡ ኣዒንተይ ንንጉስ፡ ንእግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት፡ ርእየን እየን እሞ፡ ጠፋእኩ"፡ (ኢሳ 6፡5)፡ ኢልካ ኣብ ዘይተጸበኻዮ ፈተነን ምጥርጣርን ክትወድቕ ትኽእል። ጸሎትካ እተዓግተን፡ ምስ ኣምላኽ ዝነበረካ ምዝርራብ እተበትከን ኰይኑ ይስምዓካ። ጸሎተይ ኣይተሰምዔን ኢልካ፡ "ኣምላኸይ ንነፍሰይ ካባይ ውሰዳ፡ ካብዚስ ሞት ይሕሸኒ" ትብል ትኽውን። ዮናስ 4፡3። ምኽንያቱ ንህይወት ከም ድሌትካ ክትመርሓ እምበር ኣምላኽ ክመርሓ ስለ ዘይትልምን፡ ከምቶም መዘምራን ከኣ "ኣጽዋር እምነት ኣልዒለ፡ ናባኻ ክቐርብ፡ ምሳኻ ኪዘራረብ ኣኽእለኒ" ስለ ዘይትብል እዩ።

ጸሎትካ ምስ እግዚኣብሄር ክንዲ ዘጋጥመካ ኬጋጭወካ ይኽእል እዩ። ስለዚ ክትጽሊ ከሎኻ ህድእ በል። ጸሎትካ ንስኻ እትደልዮ ዘበለ ነገር ንምርካብ ዘይኮነ፡ ነቲ ኣምላኽ ካባኻ ዚጽበዮ ነገር ንምስማዕ ምዃኑ ዘክር። ኣብ ቃል ኣምላኽ ዘይጸንዔ ጸሎት፡ ከምቲ ካብ ጉንዱ ወይ ሱሩ ተመንቂሹ፡ ኣብ ንእሽቶ ዕትሮ ጌርካ ንመልክዕ ኣብ ጠረጴዛ እተቐምጠ ዕምባባ እዩ። ካብ ሱሩ ስለ እተመንቈሰ

ግና፡ ንቑሩብ እዋን ጸኒሑ ይነቅጽ ይመውት፡ ይድርበ ኸኣ። ኣብዚውን ከም መዝሙርና “ቃል ፍቕርኻ ወይ ደሃይ ፍቕርኻ ሰሚዔ፡ ኣቕርበኒ፡ ኣኽእለኒ፡ ክስዕበካ”፡ ኢልካ ስለ ዘይትምብርከኽ እዩ።

ሓቀኛ ጸሎት ኵሉ ሳዕ ካልኣይ ስፍራ ዝሓዘ ክኸውን ይግባእ። ምኽንያቱ ሰሚዑ ዚምልስ ስለ ዝኾነ። ኣምላኽን ቃሉን ከኣ፡ ኵሉሳዕ እቲ ንጸሎት ዚሰምዕ ቀዳማይ ደረጃ ዝሓዘ ሓይሊ እዩ። ጸሎትካ መልሲ ናይቲ እትሰምዮ ደሃይ ፍቕሪ እዩ። ጸሎት፡ ኣቓልቦ ኣምላኽ ንምስሓብ ወይ ካብኡ ሞጐስ ንምርካብ እትዛረቦ ኣይኰነን። ጸሎት ነቲ ካብ ኣምላኽ ዝወጽእ ቃል መልሲ ምሃብ እዩ። ንሱ ቀዳማይ ስፍራ ዝሓዘ ስለ ዝኰነ።

ከም ኣገልጋሊ ቤተክርስትያንን ካህንን ዚፈልጡኒ ሰባት፡ ኣብ መርዓ ወይ ንዕኡ ዚመስል ካልእ ውራይ፡ ወይ ኣኼባ፡ “ኣባ ቐሺ ንእሽቶ ጸሎት ግበሩልና” ወይ ከኣ “ሓጺር ጸሎት” ግበሩልና ኪብሉኒ ኸለው የተሓሳስበኒ። ንእሽቶ ወይ ሓጺር ዝበሃል ጸሎት ስለ ዘየለ። ጸሎት ኣብ ጉድጓድ ኣናብስ ኣትዩ ኣፍ ኣናብስ ዝዓጹ። ኣብ ቅድሚ እቲ ቅዱስን ዓብዩን ዙፋን ዘቕርበና፡ ኣብኡ ምስ ቀረብና ኸኣ ወይ ብህይወትና ክንምለስ ወይ ከኣ ክንመውት ዘይንፈልጥ ሓይሊ እዩ።

ክቡር ኣንባቢ፡ ደሃይ እግዚኣብሄር ወይ ቃል እግዚኣብሄር፡ ጀማሪ ናይ ኵሉ ፍጥረትን ስርዓት ፍጥረትን ስለ ዝኾነ፡ ሱር ናይ ጸሎትካ እዩ። ኣብ ኦሪት ዘፍጥረት እንተንበብካ፡ ኣብ ምፍጣር እቲ ቐዳማይ ደረጃ ሒዙ ዘሎ ቃል እግዚኣብሄር እዩ። “ኣምላኽ ድማ በለ... ኰነ ድማ።” እታ “ኣምላኽ በለ” እትብል ቃል፡ ኣብተን ሹዱሽተ መዓልቲ ናይ ምፍጣር፡ ትሽዓተ ሳዕ ተደጋጋሚ ንረኽባ። ስለዚ እቲ ካብ ኣምላኽ ዝወጽእ ቃል፡ ንነገር ካብ ዘየሎ የበግስ፡ የቕውም፡ የቕርብ፡ ይህብ፡ ይእዝዝ፡ ይፈጥር፡ ይሰርዕ፡ የጽንዕን ይባርኽን ድማ። ስለዚ ነዚ ንሕና ዘሎናዮ ህልውናን ሓቅነቱን መሰረቱ ቃል እግዚኣብሄር እዩ። ኵሉ ብዓይንና እንርእዮን እንድህስሶን፡ ዘሎናሉ ኸሉን፡ ካብ <u>ቃሉ</u> ወይ <u>ደሃዩ</u> ዝወጹ እዮም። ዳዊት ኣብ መዝሙሩ ከምዚ ይብል።

“ቃል እግዚኣብሄር ቅኑዕ እዩ እሞ፡ ተግባሩ ኹሉውን እሙን እዩ።
ሰማያት ብቓል እግዚኣብሄር፡ ብዘሎ ሰራዊቶምን ብትንፋስ ኣፉ ተግብሩ።
ንሱ በለ ኰነ ድማ፡ ንሱ ኣዘዘ፡ ቆመ ኸኣ”። መዝ 33፡4-9።

ቃል እግዚኣብሄር መሰረት ናይ ኵሉ ፍጥረትን ምድሓኑን ካብ ኰነ እምበኣር፡ ኣብ ውሽጥና ቃሉ ጥራይ እዩ ዚሰርሕ። ካብቲ ኣብ ውሽጥና ኪህሉ ዚግባእ ቃል እግዚኣብሄር፡ ክንፍለ ወይ ኪፈልየና ዚደሊ ናይ ሰብ ድሌት ወይ ራእይ ወይ ጻውዒት ኪህሉ ኣይግባእን።

ክቡር ኣንባቢ፤ ሕጂውን እንተኾነ፡ ጸሎትካ ነቲ ካብ እግዚኣብሄር ዚወጽእ ቃል ወይ ደሃይ ፍቕሪ ዚሰምዕ ጥራይ ይኹን። ጸሎትካ ነቲ ድሮ ብዛዕባኡ ተባሂሉ ዘሎ ቓል ፈጣሪኻን ጸዋዒኻን መልሲ ዚህብ ይኹን። ኣሜን።

ብቐሺ ዘርኢት ዮሃንስ

# <u>ሃዋርያ ጳውሎስ</u>

ሃዋርያ ጳውሎስ ዓብዪ ሰባኺ ወንጌል ናይቲ ቀዳማይ ዘመን እዩ ዝነበረ። ከምኡውን በቲ መድሓኒና የሱስ ክርስቶስ ኣብዛ ምድሪ ዝነበረሉ ጊዜ ተወሊዱ ነይሩ ይበሃል። ቅድሚ ብክርስቶስ ምእማኑ ኸኣ፡ ሳውል ዚብል ናይ ግዝረቱ እብራዊ ስም ነበሮ። ሳውል ካብ ኣይሁዳውያን ስድራ ቤት፡ ካብ ሃይማኖተኛ ኣዲኡ፡ ካብ ፈሪሳዊ መምህር ኣቡኡ፡ ካብ ነገድ ብንያም፡ ኣብ ጠርሴስ እተባህለት፡ ኣብ ንእሽቶ እስያ (ዘመናዊ ደቡብ ቱርኪ) እትርከብ ከተማ ተወልደ። *(ግ ብ. 22፡ 3)።* ሳውል ዓሌቱን ሃይማኖቱን ኣይሁዳዊ ክነሱ፡ ብምኽንያት እተወልደሉ ቦታ ሮማዊ መሰል ውልድነት ዝነበሮ እስራኤላዊ ዜጋ እዩ ነይሩ። *(ግ ብ 16፡ 37-38፤ 22፡ 25-29)።*

ጠርሴስ ርእሰ ከተማ ናይ ሮማዊት ኣውራጃ ቅልቅያ፡ ሓንቲ ኻብተን በቲ ዘመን እቲ ዝነበራ ብልጹጋትን ሃብታማትን ከተማታት ነበረት። ከምኡውን ዕሙር ንግዳዊ ምንቅስቓስን ፍሉጣት ናይ ዩኒቨርስቲ ትካላትን ዝነበርዋ እያ። ሳውል ኣብ ከም ጠርሴስ ዝበለት ከተማ ተወሊዱ ምዕባዩ፡ እቲ ዝነበረ ሃዋህው ኣብ ህይወቱ ዓቢ ጽልዋ ከም

ዘሕደረሉ ዘይስሓት እዩ። ብዘይካዚውን ከተማ ጠርሴስ ማእከል ስልጣኔን ንግድን ስለ ዝነበረት፡ ናይ ብዙሓት ኣህዛብ ሃይማኖታውን ፖሊቲካውን ማሕበራውን ጽልዋታት ዝነበራ እያ። ብሕልፊ እኳ ብናይ ሮማውያንን ጽርኣውያንን ኣይሁዳውያንን ባህልታትን ፍልስፍናታትን እትጽሎ ዝነበረት እያ። ሳውል ክኢላን ምኩርን ፈሪሳዊ፡ ትምህርቲ ኦሪት ዝተማህረ ምሁር እዩ ነይሩ። *(ፊሊጲ 3፡ 5)።* ኣብ ግዜኡ ዝነበረ ጽርኣውን ሮማዊን ፍልስፍናታት እውን ኣጸቢቑ እተማህሮ ምዃኑ ካብ ጽሑፋቱ (መልእኽትታቱ) ክንርዳእ ንኽእል።

ሳውል ጌና ወዲ 13 ዓመት ኣብ ዝኾነሉ ጊዜ፡ ነቲ ጽኑይ ኣይሁዳዊ ትምህርቲ ንኽምሃር፡ ብወለዱ ናብ የሩሳሌም ከም እተላእከ፡ ከምኡ ኸኣ፡ ኣብ ትሕቲ እቲ ገማልኤል እተባህለ ፍሉጥ ናይ ሕጊ ኦሪት መምህር ከም እተማህረ ይንገረሉ። *(ግብ 22፡ 3፤ 5፡ 34 ተመልከት)።* ስለዚ ሃዋርያ ጳውሎስ፡ ካብ ከምዚ ዝበለ ብሉጽ ቤት ትምህርቲ ሃይማኖትን ብሉጻት መምሃራንን ተማሂሩ ምስ ወጸ፡ ንትምህርቲ ሃይማኖትን ስርዓትን ኣይሁድነት ኣትሪሩ ብምስዓብ፡ ብዛዕባኡ ኸኣ ኣዝዩ ቀናእን ተጣባቒን ኰነ። ስለዚ ድማ፡ ኣብ ልዕሊ እቶም ኣብ ጊዜኡ ዝነበሩ ክርስትያናትን ቤተክርስትያንን ብርቱዕ ተጻራርነትን ጽልእን ሓደሮ። ካብዚ ሓሊፉ እውን፡ ወኪልን ልኡኽን ናይ መራሕቲ ሃይማኖት ኣይሁድ ብምዃን፡ ንሰዓብቲ ክርስቶስ ይኣስርን ይሰጉግን ነበረ። *(ግብ.8፡ 3)* ከምኡ'ውን ሳውል ኣብቲ ናይ ዳርባ እምኒ ቅትለት ናይ እስጢፋኖስ፡ ቀዳማይ ሰማእት ክርስትያን፡ ሰሚሩ ከም ዝነበረ ጽሑፍ ይምስክር። *(ግብ 7፡ 58፤ 8፡ 1)።*

እቲ ወንጌል በቶም ብምኽንያት መስጕግቲ፡ ካብ የሩሳሌም ጀሚሮም ናብ ኵሉ ፋሕ ዝበሉ ሰዓብቲ ክርስቶስ፡ ክሳዕ ወሰን ምድሪ ብምብጻሑ *(ግብ 8፡ 4)፡* ንሳውልን ነቶም ካልኦትን ኣዝዩ ኣቖጥዮም። ሳውል ነዚ ምዝርጋሕ ወንጌል ብብርቱዕ ነድሪ ኣንጻሩ ተንሰኤ፡ ነታ ብጐይታ የሱስ እተጀመረት መገዲ (The Way) ምድሓን ኬጥፍኣ ድማ ተላዕለ። *(ግብ 26፡ 9-11)።* ነተን ኣብ ደማስቆ ዝነበራ ኣባይቲ ጸሎት ንምጽናትን፡ ኣብኣተን ዝነበሩ ኣመንቲ ኸኣ ኣሲሩ ንየሩሳሌም ንምምጻእ፡ ካብ ሊቀ ካህናት ኣይሁድ ናይ ፍቓድ ደብዳቤ ክወሃቦ ሓተተ።*(ግብ 9፡ 1-2፤ 26፡ 12)።* ንኣመንቲ ክርስቶስ ምብስባስ ቀንዲ ዕላምኡ ዝገበረ ሳውል፡ ካብ የሩሳሌም ንደማስቆ ተበገሰ፡ *(ግብ 9፡ 13-14)።* ደማስቆ ካብ የሩሳሌም ኣስታት 209 ኪ.ሜ ዝርሕቀታ መገዲ ሹዱሽተ መዓልቲ እያ ዝነበረት።

ኣብ መገዲ ደማስቆ ከሎ እቲ ዝዓበየ ናይ እምነት ምልዋጥ ኣብ ታሪኽ ክርስትና ተፈጸመ። ሳውል ጥቓ ከተማ ደማስቆ ምስ ቀረበ፡ "ብድንገት ብርሃን ጸዳል ካብ ሰማይ ኣብ ዙርያኡ ኣንጸባረቐ። ሳውል! ሳውል! ንምንታይ እትሰጐኒ"፡ ዝብል ድምጺ ካብቲ ንሞት ስዒሩ ዝተንስኤ የሱስ ክርስቶስ ሰምዔ። *(ግብ 9፡ 3-4)።* ንሰዓብቲ ክርስቶስ ንምጽናት ዓጢቑ ተላዒሉ ዝነበረ ሳውል ድማ ብሓይሊ እቲ ህያው ኣምላኽ ተምበርከኸ። በቲ ብርቱዕ ብርሃን ኣዒንቱ ስለ ዝዓወረ ድማ፡ በቶም ምስኡ ዝጐዓዙ ዝነበሩ ብጸቱ ተመሪሑ ንደማስቆ ኣተወ። ከይበልዔን ከይሰተየን ድማ ሰለስተ መዓልቲ ገበረ። ሃነንያ ወደ መዝሙር ኣብ ደማስቆ ዝነበረ ኸኣ በቲ ተገልጸሉ ራእይ ናብ ሳውል ከይዱ "ኢዱ ኣብኡ ኣንቢሩ፡ ኣታ ሳውል ሓወይ፡ እቲ ኽትመጽእ ከሎኻ ኣብ መገዲ እተራእየካ ጐይታና የሱስ፡ ክትርእን መንፈስ ቅዱስ ኪመልኣካን፡ ናባኻ ልኢኹኒ፡ በሎ። ብኡብኡ ኸኣ ካብ ኣዒንቱ ከም ቅራፍ ዝበለ ወደቐ እሞ ረኣየ፡ ተንሲኡውን ተጠምቀ። ምግቢ ምስ ተመገበ ድማ በርትዔ።" *(ግብ 9፡ 1-19፣ 22፡ 4-16፣ 26፡ 12-18፣ ፩ቆሮ 9፡ 1፣ 15፡ 7-8፤ ገላ 1፡ 12-17)።* በዚ መገዲ እዚ ድማ፡ ሃዋርያ ጳውሎስ ኵሉ ዕላማ ናይ ህይወቱ፡ ብክርስቶስን ኣብ ክርስቶስን ኰነ። ብዅለንትናኡ ድማ ንኣገልግሎት ጐይታ ተወፈየ። *(ኢሳ 42፡ 6፤ ግብ 9፡ 15)።*

ሃዋርያ ጳውሎስ ድሕሪ ምልዋጡ፡ ምስቶም ኣብ ደማስቆ ዝነበሩ ደቂ መዛሙርቲ ንቑሩብ መዓልቲ ተቐመጠ። "ብኡ ንብኡ ድማ፡ ኣብ ኣባይቲ ጸሎት ኣይሁድ፡ ብዛዕባ የሱስ፡ ንሱ ወዲ ኣምላኽ ምዃኑ ሰበኸ።" ብትብዓት ድማ ወንጌል ክርስቶስ ኪምህር ጀመረ። *(ግብ 9፡ 19-22)።* እቲ ሓቀኛ ስብከቱ ኣብ መንጎ ሰዓብቲ ሃይማኖት ኣይሁድ ኣከራኻሪ ኾነ። ምስቲ ብደምሪን ብእምነተ ደረቕን ዚስዕብዎ ዝነበሩ ሃይማኖቶም ስለ ዘይተሰማምዔ ድማ ክቐትልዎ ተማኸሩ። ጳውሎስ ከኣ ካብ ደማስቆ ኪሃድም ተገደደ።*(ግብ 9፡ 23-25፤ ፪ቆሮ 11፡ 32-33)።* ብድሕሪ'ዚ ሃዋርያ ጳውሎስ፡ ካብ ደማስቆ ናብ ምድሪ ዓረብ ከም ዝኸደ እሞ ብብሕትነት ንቓል እግዚኣብሄር ብምስልሳልን ምምርማርን፡ ብዙሕ ምግላጽ ካብ እግዚኣብሄር ከም እተቐበለ ይንገረሉ። *(ገላ 1፡ 16-17)።* ዝኾነ ኾይኑ፡ ብዛዕባ እቲ ኣብ ምድሪ ዓረብ ዘሕለፎ ዛንታ ህይወቱ ብዙሕ ኪፍለጥ ዚከኣል ኣይኰነን።

ሃዋርያ ጳውሎስ ድሕሪ ምድሪ ዓረብ ንደማስቆ ተመልሰ። *(ገላ 1፡ 17-18)።* ካብኡ ጀሚሩ ኸኣ፡ ንስም የሱስ ብትብዓት ይሰብኽን ይምህርን ነበረ። ትምህርቱን ስብከቱን ከኣ ብመሰረቱ ንጹርን ብሩህን ነበረ። እቲ ኻብ ምዉታት ዝተንስኤ የሱስ፡ ንሱ እቲ ህያው መሲህ እዩ፡ እናበለ ይሰብኽ ነበረ። "ክርስቶስ፡ {ንሱ} እቲ ሓይሊ ኣምላኽን ጥበብ ኣምላኽን" ምዃኑ እውን መስከረ። *(፩ ቈረ 1፡ 23-24)።*

ሃዋርያ ጳውሎስ ሰለስተ ዓመት ኣብ ደማስቆ ድሕሪ ምጽንሑ፡ ናብ የሩሳሌም ከደ። ኣብኡ ኸኣ ምስ ጴጥሮስ ንዓሰርተ ሓሙሽተ መዓልቲ ቀነየ። "ካብ ሃዋርያት ግና፡ ብዘይካ ያእቆብ ሓው ጐይታና፡ ሓደ ኻልእ እኳ ኣይረኤኹን" ይብል። *(ገላ 1፡ 18-19)።* ወንጌላዊ ሉቃስ (ንግብሪ ሃዋርያት ዝጸሓፈ) ብዛዕባ እቲ ደቂ መዛሙርቲ ኣብ ልዕሊ ሃዋርያ ጳውሎስ ዝነበሮም ጥርጠራን ፍርህን ኣብ *ግብ 9፡ 26* ይገልጾ እዩ። ግናኸ ኣብዚ ኵነታት እዚ በርናባስ ንሃዋርያ ጳውሎስ ኣብ መንጎ ደቀ መዛሙርቲ ቅቡል ንክኸውን ተኣማንነት ዘሕደረን ብዘይ ፍርሂ ክቕበልዎ ዘተባብዔን ወዲ መዝሙር ከም ዝነበረ ይገልጽ። *(ግብ. 9፡ 27-28)*

ሃዋርያ ጳውሎስ፡ ብዛዕባ እቲ ኣብ ክርስቶስ ዝነበረ ሓቂ፡ ኣብ ኵሉ እናገሸ ኪሰብኽ ከሎ፡ ንትምህርቱን ስብከቱን ዚጻረሩ፡ ብፍላይ ካብቶም ካብ ቤት ጸሎት ኣይሁድ (ሲናጐግ) ዝኾኑ፡ ብዙሕ ንህይወቱ ዜስግእ ኵነታት የጋጥሞ ነበረ። ድሕሪ ገለ መዓልትታት ኣብ የሩሳሌም ምጽናሑ፡ ካብቶም እምነት ኣይሁድ ዚኽተሉ ጽርኣውያን (ግሪኻውያን) ኪቕትልዎ ስለ ዝመኸሩ፡ እቶም ክርስትያን ኣሕዋት፡ ብሕቡእ ናብ ትውልዲ ዓዱ፡ ናብ ጠርሴስ ኪኸይድ ኣህደምዎ። *(ግብ 9፡ 29-30፣ ገላ 1፡ 21)።* ኣብኡ ኸኣ ንገለ ዓመታት ጸንሔ። ዝኾነ ኾይኑ፡ ክሳዕ እዚ እዋን እዚ፡ ነቲ ኣብ መንጐ ኣህዛብ ኪገብሮ ዝነበሮ ዕዮ ወንጌል ጊዜኡ ኣይበጽሔን ነይሩ ኪበሃል ይከኣል።

ኣንጾክያ እተባህለት ርእሲ ከተማ ሶርያ፡ ሓንቲ ካብተን በቲ ግዜ'ቲ ዓቢ ምንቅስቓስ እምነት ክርስትና ዝነበራ እያ። ኣብዛ ኸተማ እዚኣ፡ እቲ ወንጌል ክርስቶስ ኣጸቢቑ ሱር ሰዲዱን ኣስፋሕፊሑን ነበረ። በርናባስ እተባህለ ወዲ መዝሙር፡ ነቲ ኣብ ኣንጾክያ ዝነበረ ዕዮ ወንጌል ከካይድን ከመሓድርን፡ ካብ የሩሳሌም ተላእከ። *(ግብ 11፡ 19-22)።* እቲ ዕዮ ወንጌል ኣዝዩ ስለ ዝሰፍሔን ዝጸዓቓን ከኣ፡ ንሃዋርያ ጳውሎስ መተዓይይቱ ክኾኖ፡ ኪደልዮ ናብ ጠርሴስ ኸደ። *(ግብ 11፡ 23-26)።* ሃዋርያ ጳውሎስ ድማ ነቲ ጽውዓ ብጽቡቕ ፍቓድን ድልውነትን ተቐበሎ። ምስ በርናባስ ከኣ፡ ንምስፋሕ መንግስቲ እግዚኣብሄር ተጸምበረ። እቲ ቓል ከም ዚብሎ ድማ ባርናባስን ጳውሎስን "ብሕብረት ነበሩ፡ ንብዙሓት ህዝቢውን ሓቢሮም ይምህሩ ነበሩ።" *(ግብ 11፡ 26)።* ድሕሪ ናይ ሓደ ዓመት ናይ ሓባር ኣገልግሎቶም ድማ፡ እቶም ኣብ ኣንጾክያ ዝነበሩ ደቂ መዛሙርቲ፡ ንመጀመርታ ጊዜ፡ "ክርስትያን" ተሰምዩ።

*ይቕጽል…*

እስጢፋኖስ ተኣምራት
ወ.ሉ.ቤ.ክ ህዩስቶን

## "ወንጌል ንዚኣምን ዘበለ ኹሉ ሓይሊ ኣምላኽ ንምድሓን እዩ።"

ብሓምለ 2፡ 1505 ማርቲን ሉተር ኣብ ህይወቱ ሓደ ዓቢ ለውጢ ዘኸተለ ሓደጋ ኣጋጠሞ። ናብቲ ዝመሃረሉ ዝነበረ ዩኒቨርሲቲ ኪምለስ ከሎ በርቂ ኣብ ጥቓኡ ወደቐ። ሉተር ኣብቲ ጌዜቲ ሕጊ እዩ ዘጽንዕ ነይሩ። ካብታ፡ ሞት ዘንጸላለወትሉ መዓልቲ እቲኣ ጀሚሩ ግና፡ ናይ ሕጊ ትምህርቲ ገዲፉ ፈላሲ ኪኸውን መደበ። ካብ ንኣምላኽ ምስጋና ዘይኮነስ ካብ ፍርሒ ተበጊሱ ህይወቱ ንኣምላኽ ከወፊ ወሰነ። መንእሰይ ሉተር ኣብ ገዛእ ርእሱ ምትእምማን ስለ ዘይነበሮ ብርቱዕ ስቓይ ይሰምዖ ነበረ። ኣምላኽ ኣብ መዓልቲ ፍርዲ ኣይክቕበለንን እዩ ብምባል ብርቱዕ ፍርሂ ሓደሮ። ዋላውን ድሕሪ ፈላሲ ምዃኑ ኲሉ'ቲ ሕግታት ናይ ፈለስቲ ተኸቲሉ'ኳ ይኸይድ እንተነበረ፡ ብፍርሂ መዓልቲ ፍርዲ ካብ ምስቓይ ኣይዓረፈን። ቅዱስ ህይወት ኪነብር መዲቡ ብሓሳብ ኮነ ብግብሪ ጻድቕ ኪኸውን'ኳ እንተፈተነ ኪዕወት ኣይከኣለን።

መንእሰይ ሉተር፡ ካባታትና ብዙሕ ዝተፈልየ ኣይነበረን። ኩሉግዜ ሕልናና ሓጥያት ንፍጽም ከም ዘሎና እናኸሰሰ የሳቅየና'ዩ። ብዛዕባ ድሕነት ብዕምቆት ክንሓስብ ከሎና ልክዕ ከምቲ ንሉተር ዝተሰምዖ ፍርህን ጥርጣሬን ይስምዓና'ዩ። ብቕንዕና ንገዛእ ርእስና ምስ እንመዝን፡ ነተን ክልተ ዓበይቲ

እግዚኣብሄር ኣምላኽና ዝኣዘዘና ትእዛዛት-- ብምሉእ ልብና ንኣምላኽና ከነፍቕሮን፡ ንብጻይና ከም ነፍስና ክንፍቅርን- ኣይበቓዕናን። ከምቲ ኣምላኽ ዝኣዘዘና ቅዱሳት ኣይኮንናን።

መጽሓፍ ቅዱስ ነዚ ውዱቕ ናይ ደቂ-ሰብ ኩነታት ዝገልጽ ብዙሕ ጥቅስታት ኣለዎ።
ንጉስ ዳዊት ኣብ መዝሙር 14፡2-3 ከምዚ ይብል፡
"… ሓደ'ኳ ሰናይ ዚገብር የሎን። ንእግዚኣብሄር ዚደሊ ለባም እንተሎ ኺርኢ ኢሉስ
እግዚኣብሄር ካብ ሰማይ ናብ ደቂ ሰብ ጠምተ።
ኩላቶም ዘንቢሎም፡ ብዘለዉ ኹላቶም ረኺሶም፡ ገለ ሰናይ ዚገብር የልቦን፡ ሓደ እኳ የልቦን።"
ወዱ ንጉስ ሰሎሞን ድማ ኣብ መክብብ 7፡20 ከምዚ ይብል፤
" ብርግጽ ሰናይ ዝገብር እሞ፡ ዘይሓጥእ ጻድቕ ኣብ ምድሪ የልቦን።"

እዚ ባህርያዊ ናይ ደቂ ሰባት ኩነታት ካብ ሓጢኣተኛታት ወለዲ ዝተወርሰ'ዩ ። ናይ ሓጢኣትን ሞትን መርገም ካብ ሓደ ወለዶ ናብቲ ዝስዕብ ወለዶ ይመሓላለፍ ። ዋላ ሓደ ካባታትና ንመዓልቲ ፍርዲ ዘምልጠላ የልቦን። ብዘይ ምሕረት ኣምላኽ ኩላትና ናብ ዘልኣለማዊ ጸልማትን ሞትን ምጠፋእና። ሉተርውን ንሕልናኡ ክሰምዕ ልክዕ እዩ ነይሩ። ምኽንያቱ ነቲ ሓቂ ኣጋሊጹ ኣርእዮ። ንሱ ውዱቕ ሓጥያተኛ እዩ ነይሩ። ዝገበረ እንተገበረ ድማ ብተግባሩ ክድሕን ኣይከኣለን። እዚ ንነፍሲ ወከፍና ዝምልከት ሓቂ እዩ። ካብ ሓጢኣት ምፍጻም ከነቋርጽ ኣይንኽእልን ኢና። ነቲ ሓጥያትና ናብ ካልኦት ዘኽተሎ ጉድኣት ክንእርም ኣይንኽእልን ኢና። ብጽቡቕ ግብሪ ይኹን ትእዛዛት ኣምላኽና ብምኽባር ኣብ መላእ ህይወትና ካብ ዝፈጸምናዮ ሓጢኣት ክንነጽህ ኣይንኽእልን ኢና። ሃዋርያ ጳውሎስ ኣብ ሮሜ 3፡19-20 ከምዚ ይብል፣

"ግናኸ ኹሉ ኣፍ ምእንቲ ኪዕጾ፡ ኩላ ዓለምውን ትሕቲ ፍርዲ ኣምላኽ ክትከውንሲ፡ እቲ ሕጊ ዚብሎ ዘበለ ነቶም ኣብ ትሕቲ ሕጊ ዘለዉ ኸም ዚዛረቦም ንፈልጥ ኢና። ሕግስ ሓጢኣት እዩ ዜፍልጥ እሞ ስለዚ ስጋ ዝለበሰ ኹሉ ኣብ ቅድሚኡ ብግብሪ ዚጸድቕ የልቦን።"

ሓንቲ መዓልቲ ኩልና ኣብ ቅድሚ ዙፋን ክርስቶስ ንፍርዲ ደው ክንብል ኢና። እሞ ፍርድና እንታይ ኪኸውን እዩ? ክንድሕን ዲና ወይስ ናይ ዘልኣለም ኩነኔ ክንቅበል? ብናይ ገዛእ ርእስና ጽድቂ እንተኾይኑ ጠፊእና ኢና። ከምቲ ጳውሎስ ዝበሎ ብርግጽ ጥፉኣት ኢና። እቲ ሕጊ ፍጹምነት እዩ ዝሓትት። ንሕግታት ኣምላኽ ብፍጹምነት ዘኽብር ድማ የልቦን።

በቲ ውዱቕ ኩነታቱ ክናዘዝ ምስ ረኣዮ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ንሉተር ክሕልዎን ቀስ ብቀስ መገዲ ሓቂ ኪሕብሮን ጀመረ። በቲ ናይ ፍርሕን ጥርጣሬን ኩነታቱ ግና ኣብቲ ዝነበሮ ገዳምውን ምስቓዩ ቀጸለ። ካብቲ ገዳም ድማ ናይ ካልእ ቦታ ከይዱ ናይ ሃይማኖት ትምህርቲ ኪቀስምን ኣእምሮኡ ኣብ መጽናዕቲ ከትኩርን ናብ ዊተንበርግ ዩኒቨርሲቲ ከደ። ኣብዚ ጉዕዞዚ ኣምላኽ ይመርሖ ነበረ። ሉተር ኣብቲ ዩኒቨርሲቲ መምህር ኮይኑ፡ ናይ ምምህርና ዕዮኡ ንምጅማር ድማ ናይ ፈለማ ኣስተምህሮታቱ ብምድላው ንመዝሙር ዳዊት ምዕራፍ ብምዕራፍ ከጽንዕ ጀመረ። መዝሙር 22 ከጽንዕ ከሎ ድማ ገለ ራእይ ተራእዮ። መዝሙር 22 በተን ክርስቶስ ኣብ መስቀል ኮይኑ ዝደገመን ቃላት፡ "ኣምላኸይ፡ ኣምላኸይ ስለምንታይ ሓደግካኒ?" ኢያ እትጅምር። ሉተር በዘን ቃላት እዚኣተን ልክዕ ከምቲ ብበርቂ ኪውቃዕ ከሎ ዝተሰምዖ ስምዒት ተሰምዖ። ብፍላይ በታ "ሓደግካኒ" እትብላ ቃል ተማረኸ።እዛ ቃል እዚኣ ካብ ሑቕፊ ኣምላኽ ናይ ምውጋን፡ ምስንግ፡ ምድርባይ ተመልክት። ሉተር ልክዕ ከም ዝተደርብየ ኮይኑ እዩ ተሰሚዑዎ። ግን ስለምንታይ የሱስ እዚ ተመኩሮዚ ገጢሞ? ኣምላኽ ንጹህ እዩ፤ ሰብ እዩ ዘይንጹህ። ኣምላኽ ሓያል እዩ፤ ሰብ'ዩ ድኹም። እሞ ስለምንታይ እዩ የሱስ በይኑ ተሓዲጉ? መልሱ ከምዚ ዚስዕብ እዩ። ንሱ ሓጥያት ዘይብሉ ክነሱ ምእንታና ሓጥያተኛ ኮነ። ከም ሓጥያተኛ ኮይኑ ንዓና መሰለ። ነቲ ካብ ኣምላኽ ዝተሰጎግናሉ ኩነት ኪካፈሎ መረጸ።

ሉተር ብዛዕባ ክርስቶስ ክሓስብ ከሎ ከም ቅዱስ ፈራዲ ገይሩ ይርእዮ ነበረ። ኣብ ኣፍደገ ናይ ኩለን ናይ ካቶሊክውያን ቤተ ክርስትያናት ካብ እምኒ ብዝተቀርጸ ምስሊ ናይ የሱስ ኪርኢ ከሎ ናይ ፍርዲ መዓልቲ ብምዝካር ይርዕድ ነበረ። እቲ ሓቂ ኪግለጸሉ ምስ ጀመረ ግና ኣዝዩ ዝተፈልየ ሓዲሽ ኣረኣእያ ሓደሮ። ንየሱስ ከምቲ ኣምላኽ ኪኸውን ዝደለዮ ፈቃርን ሓላይን ናይ ኩሎም ውዱቃት ኣህዛብ መድሓኒን ምዃኑ ተኸሰተሉ። የሱስ ምእንቲ ሓጥያትና ኢሉ ከም ዝተወፈየ፤ እቲ

ንዓታትና ዝምልከት መቅጻዕትን መርገምን ተሰኪሙ ኣብ ክንዳና ከም ዝሞተ ተጋህደሉ።

ብዙሓት ናይቲ ዩኒቨርሲቲ ተመሃሮ ካብ መምህራኖም ኪምሃሩ ኪጽዕሩ ከለዉ ሉተር ግና ብቐጥታ ካብ እግዚኣብሄር ይመሃር ነበረ። ኣብ ቃል ኣምላኽ ኣዕሚቕና ምስ እንኣቱ ብዝያዳ ኢና ክንምሃር እንኽእል። ብዛዕባቲ ቃል ተጠንቂቅና ምስ እንሓስብ፡ ኣብ ህይወትና ዘለዎ ትርጉም ንምርዳእ ምስ እንጽሊ ዝሃብተመ ህይወት ክህልወና ይኽእል። ሉተርውን ጸሎት ከዝውትርን ኣብቲ ቃል ጠሊቑ ኪኣቱን ምስ ጀመረ ልቡ ኪመውቕ ነፍሱውን ብተስፉ ኪዕምብብ ጀመረ። እግዚኣብሄር ኣምላኽና ንኹልና ከምኡ ክንከውን እዩ ዚደልየና። ንኣቡና ክንፈልጦ ንወዱ የሱስ ክርስቶስ ድማ ከም መድሓኒናን ናይ ተስፋ ምንጭናን ጌርና ክንቕበሎ ይደልየና። እግዚኣብሄር ኣምላኽ ወዲቕናን ተነዲእናን ክርኢ ኣይደልን እዩ። ብኣንጻሩ ኣህዛብ ዓለም ብመላእ ይእምኑ ጥራይ እምበር ኪድሕኑ እዩ ዚደሊ።

ጳውሎስ ንጢሞቴዎስ ኣብ 1ይ ጢሞቴዎስ 2፡ 3-6 ከምዚ ኢሉ ይጽሕፈሉ፣
“እዚ ኣብ ቅድሚ እቲ ኩሉ ሰብ ኪድሕን፡ ናብ ፍልጠት ሓቂውን ኪመጽእ ዚፈቱ እግዚኣብሄር መድሓኒና ጽቡቕን ቅቡልን እዩ። ማለት ኣምላኽ ሓደ በይኑ እዩ እሞ ኣብ መንጎ ኣምላኽን ሰብን ዘሎ ማእከላይውን፡ እቲ ሰብ፡ የሱስ ክርስቶስ፡ ሓደ በይኑ እዩ።”

ሉተር ናይ መዝሙር ዳዊት መጽናዕቱ እናዛዘመ ከሎ ካልኣይ ግዜ ንህይወቱ ዝልውጥ ራእይ ተራእዮ። ኣብቲ ኣረጊት ህንጻ ናይ ኣጉስቲንያዊ ገዳም ኮፍ ኢሉ ከጽንዕ ከሎ ኣብ ልቡ ብርቱዕ ምቕት ተሰምዖ። እቲ ምቕት ካብቲ መውዓዪ` ናይቲ ህንጻ ዘይኮንስ ነዘን ዝስዕባ ቃላት ካብ ሮሜ ምስ ኣንበበ ዝተሰምዖ ነበረ።
ሃዋርያ ጳውሎስ ኣብ ሮሜ 1፡16-17 ከምዚ በለ፣ “ ወንጌል ቅድም ንኣይሁዳዊ ኸምኡውን ንጽርኣዊ ንዚኣምን ዘበለ ኹሉ ሓይሊ ኣምላኽ ንምድሓን እዩ እሞ ብወንጌል ኣይሓፍርን እየ። ከምቲ ጽሑፍ፡ ጻድቕ ግና ብእምነት ይነብር ዝብል እቲ ጽድቂ ኣምላኽ ካብ እምነት ናብ እምነት ብኣኡ ይገሃድ እዩ።”

እዚ ኩነታት እዚ ኣብ ናይ ሉተር ህይወት ዓብይን ዘይርሳዕን ፍስሓ ፈጠረ። ቅንዕናን ጽድቅን ባዕሉ ዘምጽኦ ዘይኮነስ እግዚኣብሄር ዝህቦ፡ ብየሱስ ክርስቶስ ብምእማን ዝርከብ ህያብ ምዃኑ ተረድኦ። ኩሉቲ ፍርሑን ጥርጣሬኡን ድማ በነነ።ኩሉቲ ክርስቶስ ዝተሳቐዮን ኣብ መስቀል ንሓጥያቱ ዝኸፈሎን ድማ ብእምነት ክወርሶ ከም ዝኽእል ተገንዘበ። ንሕና ንገዛእ ርእስና ከንድሕን ኣይንበቅዕን ኢና። ክርስቶስ ንሕና ዘይበቓዕናዮ ፍጹም ዝኾነ ቅኑዕ ህይወት ኣብ ክንዳና ክነብር በቕዐ። ህይወቱ ኣብ መስቀል ብምውፋይ ድማ ንሓጥያትና ከፈለ። ስለዚ ብየሱስ ክርስቶስ ብምእማን ጥራይ ኢና እንድሕን። ነቲ ብእኡ ዝኣመነ ናይ ዘልኣለም ህይወት ኪረክብ እዩ እምበር ኣይጠፍእን ኢዩ ብምባል ዝተመባጽዓልና መብጽዓ ብምእማን ኢና ክንድሕን ንኽእል። እምነትና ምሉእ እንተኾይኑ ናይ ዘልኣለም ኩነኔን ሞትን ዘይኮንስ ዘልኣለማዊ ድሕነትን ህይወትን ኢና እንረክብ። ንመዓልቲ ፍርዲ ድማ ብራዕድን ስቓይን ዘይኮንስ ብሓጎስን ብትብዓትን ኢና እንጽበያ።

እዚ ኩሉ ግዜ ክዝከር ዘለዎ ሉተር ኣብ መበል 15 ክፍለ ዘመን ዝመርሖ ናይ ለውጢ ምንቅስቓስ፡ ወንጌል ብቕኑዕ ትርጉሙ ዝተገልጸሉ እዋን እዩ። ሉተር ይኹን ኣብ ከባቢኡ ዝነበሩ ኩሎም እዚ ናይ ወንጌልን ድሕነትን ምስጢር ምስ ተገልጸሎም ኩሎም ተለወጡ። ኣብ ብዙሓት ሃገራት ዝነበሩ ኣህዛብውን ወንጌል ተገሊጹሎም ኪለወጡን ድሕነት ኪረኽቡን ተራእዩ።

ኣብ ሃገርና'ውን ቀሺ ሓይለኣብ ተስፋይ ከም ናይ ኤርትራ ሉተር ክንወስዶም ንኽእል። ኣብ ጸዓዘጋ ምስ ካህናትን ዲያቆናትን ኮይኖም መጽሓፍ ቅዱስ ብምንባብን ምጽናዕን፡ ወንጌል ምስ ተገልጸሎም ኣብ ከባቢኦም ብርሃን ኮይኖም ንብዙሓት ለወጡ። ቦኸሪ ኤርትራዊ ወንጌላዊ ቀሺ ሓይለኣብ ተስፋይ፡ ብ1876 ንእምነቶም ዝተሰየፉ፡ ካብቶም ቀዳሞት ናይ ኤርትራ ናይ ወንጌል ሰማእታት እዮም።

ሓደ ካብቲ መልእኽቲ ወንጌል ኣብ ሓጺር ግዜ ኣብ ምሉእ ኤውሮጳ፡ ቀጺሉ ውን ኣብ ምሉእ ዓለም ኪዝርጋሕ ዝኸኣለሉ ምኽንያት ናይ ጉተንበርግ ናይ ማሕተም ምህዞ እዩ። ሉተር፡ ነቲ ብቛንቛ ግሪኽ ዝተጻሕፈ ሓዲስ ኪዳን ናብ ቛንቛ ጀርመን ተርጒሞ።ንመጀመርታ ግዜ ድማ ኣብ ሃገር ጀርመን

ህዝቢ መጽሓፍ ቅዱስ ብቋንቋኡ ከንብብን ናይ ገዛእ ርእሱ ቅዳሕ ክውንንን ከኣለ። እዚ ዝተተርጎመ መጽሓፍ ቅዱስን ካልእ ናይ ሉተር ጽሑፋትን ብሰፊሑ ተዘርጊሑ ንብዙሓት ዝጠፍኣ ነፍሳት ከድሕንን ልብታትውን ክቕይርን ከኣለ። ብዓሰርተታት ኣሽሓት ዝቝጸሩ ብድሑር ባህልን ብልሽውናን ግጉይ እምነትን ተረሚሶም ዝጸንሑ ሰባት ድማ ወንጌል ተገሊጹሎም መገዲ ድሕነት ክረኽቡ ከኣሉ። ሉተር በቲ ሽዑ ሓዲሽ ዝነበረ ናይ ማሕተም ተክኖሎጂያ ተጠቂሙ፡ ብሓይሊ ኣምላኽ ዓቢ ለውጢ ከምጽእ ከኣለ። እቲ፡ ህዝቢ ብዘይፈልጦ ቋንቋ ተጽሒፉ ንክህናትን ፈለስትን ጥራይ ዚምልከት ዚምስል ዝነበረ ቃል ኣምላኽን ወንጌልን ብሰፊሑ ህዝቢ ብዝፈልጦን ዝርድኦን ቛንቋኡ ተተርጒሙ ናብ ኩሉ ህዝቢ ተዘርግሔ። ሎሚ መጽሓፍ ቅዱስ፡ ካብ ኩሉ መጻሕፍቲ ዓለም ንላዕሊ ብዝበዝሐ ቋንቋታት ተጻሒፉን ብዝለዓለ ቍጽሪ ተዘርጊሑን ይርከብ። ኣብ ሃገርናውን መጽሓፍ ቅዱስ ብዘይሕለል ጻዕሪ ናይ ቀዳሞት ወንጌላውያን ድሕሪ 66 ዓመታት፡ ብ1957 ናብ ቋንቋ ትግርኛ ተተርጒሙ ወንጌል ናብ ህዝቢ ክዝርጋሕ ተኻእለ። ብ1998 ድማ ብሰለስቲኡ ናይ ኤርትራ ኣብያተ ክርስትያናት፡ ማለት፡ ናይ ኦርቶዶክሳዊት-ተዋህዶን፡ ካቶሊካዊትን ወንጌላዊት-ሉተራዊትን ማሕበራት ዝቖመት ሽማግለ ነቲ ቀዳማይ ትርጉም ኣመሓይሻ ብምድላው ናብ ህዝቢ ዘርግሐት። ኣብዚ ዘሎናዮ ግዜ ወንጌል ኣብ ህዝብና ካብ ዝሓለፈ ግዝያት ብዝያዳ ኪሰርጽን ብሰፊሑ ኪዝርጋሕን ዝኽኣለ ብዓቢኡ ብሓይሊ ኣምላኽ ኮይኑ፡ ፍረ መስዋእትን ቅዱስ ዕዮን ናይ ቀዳሞት ወንጌልውያንን ተርጎምትን ምዃኑ ክዝንጋዕ ኣይግባእን።

እዚ ዘሎናዮ ግዜ ኣብ ዓለም ዝለዓለ ናይ ተክኖሎጂያ ምዕባሌ ዝርኣየሉ ዘሎ ግዜ እዩ። እሞኸ ነዚ ዝበለጸን ዝለዓለን ናይ ተክኖሎጅያ ምዕባሌ ናይ ክርስቶስ ወንጌል ንምዝርጋሕ ንጥቕመሉዶ ኣሎና? እዚ ኩሉጊዜ ክንሓስበሉ ዘሎና ጉዳይ እዩ። ብስም ወንጌላውያን ብግብሪ ግን ዘይወንጌላውያን ኣይንኹን።

ንገዛእ ርእስና ድሒንና ንካልኦት መገዲ ምድሓን ክንሕብር ኣምላኽ ጸግኡ የብዝሓልና። ኣሜን።

ምስግና ባህታ
ሲያትል

## ምእንቲ ሕድገት ሓጥያት ዝሓለፈ ህይወት

ጎይታና የሱስ ክርስቶስ በቲ ኣብ መስቀል ዝኸፈሎ ዋጋ ሓጥያት ህይወቱ በጃ ኹሉ ዓለም ኣሕሊፉ ናብ መላእ ዓለም ንኹሉ ሰብ ከኣ ምድሓን ኣምጺኡ።

ሉቃስ 22፥17-20፡- … እንጌራ ኣልዒሉ ድማ ኣመስጊኑ ቖሪሱ እዚ ምእንታኻትኩም ዚውሃብ ዘሎ ስጋይ ኢዩ ንመዘከርታይ ግበርዎ ኢሉ ሃቦም።… ጽዋእ ኣልዒሉ ድማ እዚ ምእንታኻትኩም (ንሕድገት ሓጢኣት) ብዚፈስስ ዘሎ ደመይ እዩ…

ኣብ ባህሊ እስራኤላውያን ባሪኽካ እንጌራ ምቒራስ ልሙድ እዩ፡ ኣብ ባህልናውን ብዕድመ ዝዓበየ ወላዲ ኣብ ቤት ይኹን ኣብ ወጻኢ እንጌራ ይቆርስ፡ ጎይታና የሱስ ክርስቶስውን ኣብ ብዙሕ ፍጻሜታት እንጌራ ይባርኽን ይቖርስን ነበረ፡ ደቀ መዛሙርቱ ድማ ነቲ ተባሪኹ ዝተቆርሰ እንጌራ ምዕዳል ስርሖም ነበረ። ኣብ ወ.ዮሃ 6፥11-12 ሓሙሽተ ጎጎን ክልተ ዓሳን ባሪኹ ከም ዝሃቦም እሞ ንሓሙሽተ ሽሕ ህዝቢ ኣጽጊቡ ዓሰርተው ክልተ መሶብ ቆረርስ ከኣ ከም ዝተረፈ ነንብብ። ካብቲ የሱስ ዝበሎ ግና ካብዚ ዝተረፈ ቆረርስ ሓንቲኳ ከይትጠፍእ ተጠንቀቑ ንኹሉ ኣክብዎ… ከም ዝበሎም ንርኢ። ኣብዚ ብዛዕባ ህይወቱ ምሕላፍ፡ እቲ ሓጥያት ኵሉ ዓለም ዘርሕቕ ገንሸል ንሱ ምዃኑ ይእምተሎም። ስለዚ ድማ ኢዩ ደጋጊሙ ስለ መቕደስ ስግኡ ስለቲ ብመስማር፡ ብእሾኽ፡ ብመግረፍትን ብናይ ሞት ጻዕርን ዝፈረሰት (ዝሞተት) ህይወቱ ኣብ ሳልሰይቲ መዓልቲ ከኣ ከም ዝትንስእ ክዛረብ ከሎ፡ ንስኻትኩም ነዚ ቤት መቕደስ ኣፍርስዎ ኣነ ኸኣ ብሰለስተ መዓልቲ ክሃንጾየ ዝበሎም። ከምኡውን ቅድሚ እታ የሱስ ዝተታሕዘላ ምሸት በዓል ፋስጋ ከም ዘዳለወ ንደቀ መዛሙርቱ ድማ እንጌራ ቆሪሱ እዚ ንኣኻትኩም ዝተዋህበ ስጋይ እዩ ንመዘከርታይ ግበርዎ በሎም፡ እዚ ምቁራስ እንጌራ'ዚ ምልክት ናይቲ ምእንቲ ሓጥያትና ዝተዋህበን ኣብ መስቀል ዝተሰቕለ እንጌራ ህይወት (ስጋ ጎይታና የሱስ) ከም ዝነበረ ንርዳእ። እዚ ዝተሰቀየ ስጋ'ዚ ንዓይ፡ ንዓኻትኩምን ንብዙሓት ንሕድገት ሓጥያት ዝተዋህበ ስጋ እዩ። ከምቲ ኣብ ት.ኢሳ 53፥3-6 … ንሱ ብሰሪ ገበንና ቖሰለ፡ ብሰሪ ኣበሳና ድማ ተኸትከተ፡ ንሕና ሰላም ምእንቲ ክንረክብ መቕጻዕቲ ናብኡ ወረደ፡ ንሕናውን ብስምብራቱ ሓዌና… ዝብሎ፡ ንሕና ናብቲ መቕደሱ ንምእታው በቲ ካብ ላዕሊ ክሳብ ታሕቲ ዝተተርተረ መጋረጃ ማለት

ብምቕዳድ ፡ ስግኡ ዝተኸፍተልና ደገ ናብ መንግስቱ ንምእታው ጸጋ ረኺብና።

ሓሳብ ኣምላኽ ከምቲ ንሕና ብዋጋ ዝተዓደግና ከምኡ ድማ ንዕዩኡ ዋጋ ዝኸፍሉ ሰባት ይደሊ። ንኣብነት እግዚኣብሄር ንኣገልግሎት ካብ ዝመረጾም ወይ ዝጸውዖም ኩላቶም ናይ እምነት ኣቦታት ኣብ ጉዕዞ ህይወቶም ዓቢ ዋጋ (መስዋእቲ) ዝኸፈሉን ስግኦም ንዕላማን ንሓሳብ እግዚኣብሄር ዝወፈዩ (ዝተቖርሱን) ነይሮም። ገለ ካባታቶም፡-

አብርሃም ኣቦ ብዙሓት ክኸውን ካብ ሕዝቡን ምድሩን ከም እተፈልየን፡

ዮሴፍ ንብዙሓት ኣላይን መጋብን ክኸውን ካብ ቤት ኣብኡን ካብ ዓዱን ንምስሪ ከም እተሸጠ።

ሙሴ ንመሪሕነት ብዙሓት ካብ ቤት ነገስታት ከም እተፈልየ። የሱስ ክርስቶስ እቲ ንጉስ ናይ ነገስታት ንኹሉ ሰብ ምድሓን ከምጽእ ኣብ መስቀል ዕዳ ሓጥያትና ከፊለ ርእሱውን ንሞት ወፈየ። ሎሚ ንሕናውን ነቲ ዋጋ ሓጥያትና ኣብ መስቀል ዝተኸፍለልና ፡ህይወት ዘልኣለም ከኣ ዝሃበና፡ ጥዑም ብስራት የሱስ ከነበስር ዘኽፍለና ዋጋኳ እንተሎ፡ ዘልኣለማዊ ዓስቢ (በረኸት) ከም ዝስዕበና ፈሊጥና ንቕዱስ ጸዓት ኣይንሰልኪ። ብስቓይ ናብ ክብረት እዩ የሱስ ክርስቶስ ዝኸዶ፡ ንሕናውን በቲ መገዱ ኣሚንና ንከተሎ። መኣዲ ጎይታ (ቅዱስ ቁርባን) ክንወስድ ከሎና ነቲ ንሕድገት ሓጥያትና ዝፈሰሰ ደሙን ዝቜሰለ ስግኡን ዝተኸፍለልና ዋጋ ተረዲኡና ብእኡ ድማ ናይ ዘልኣለም ህይወት ከም እንቕበል ፈሊጥና ብምስጋና ናብኡ ክንቀርብ እምበር ከም ልማድ ወይ ድማ ብዘይግቡእ ከይንወስዶ ንጠንቀቕ። (1ቆረ.11፡23-29)። ስለዚ ልብና ካብ ክፉእ ሕልና ተነጺጉ፡ ብቕኑዕ ልቢ ክንቀርብ እግዚኣብሄር ይደግፈና፡ ኣሜን።

ሳሮን ዮሃንስ።

# ዋዛ ምስ ቁም ነገር

ብቐሺ ዘርኢት ዮሃንስ

ኣብ ሓደ ዓዲ፡ ሓደ ሸማግለ ሰብኣይ ጽምዋ ስለ ዚስምዖም፡ ንዝረኸብዎ ሰብ፡ ዓቢ ይኹን ንእሽቶ፡ ኣንታ! ኣበይ ጠፊእካ? እዚ ኣቦይ'ስ ኣበይ ኣሎ? ከመይ ኣሎ? ኢልካ ኣይትሓትትን'ዶ? ከምኡ እናበሉ፡ ንነዊሕ ዓመታት ሓለፈ። እቲ ዝዛረብዎ ዘረባ እናገደደ ኸደ። ካብቲ ኣበይ ጠፊእካ? ኣይበጻሕካንን? ደሃየይ ኣይገበርካን ዚብል መረረ ሓሊፎም፡ ኣንታ! ምስ ሞትኩ ክትቀብረኒ ክትመጽእ ዲኻ? እናበሉ ጎፍ ንዝበሎም ኵሉ ምሕላፍ ከልእዎም። ጸኒሖም ንዝረኸብዎ ሰብ፡ “ምስ ሞትኩ ክትቀብረኒ ኢልካ ከይትመጽእ፡ ክትቀብረኒ ኣይደልየካን እየ!” እናበሉ ንኹሉ ሰብ ምእታው ምውጻእ ኸልእዎ።

ሓደ መዓልቲ ግና፡ ሓንቲ ኣብ ዓዲ ልምን ውዒላ፡ ተመሊሳ ኣብ ደገ ሰላም ናይቲ ቤተክርስትያን እትቕመጥ ድኻ ሰበይቲ፡ ክትሓልፍ ከላ፡ እቶም ሸማግለ ከም ኣመሎም፡ “ንስኺ ኸኣ፡ ኤይ! ኤይ! ኢልኪ ከተልቅስለይን ክትቀብርንን ኣይደልየክን'የ” በልዋ። ንሳ ኸኣ፡ “ኣንቱም ኣቦይ ሸቃ፡ ንኹላ እዛ ዓዲ ከይትቐብርኒ ኢልኩም ገዚትኩማ፡ መን ደኣ ክቐብረኩም እዩ? ኢላ ሓተተቶም። ንሶም ከኣ ትቕብል ኣቢሎም፡ “እግዚሄር ይቐብረኒ'ቲ፡” በልዋ። ንሳውን ኣይሰነፈትን ትቕብል ኣቢላ፡ “ኣቱም ኣቦይ ሸቃ፡ ካብ እግዚሄርሲ ሰብ እንተቐበረኩም እባ ይሕሸኩም፡ መታን ንሱ ከተንስኣኩም። እግዚሄር ቀቢሩኩም ድኣ መን ኪረኽበኩም”። በለቶም ይበሃል።

ስነ-ምግባር ናይዚ ዋዛ እዚ፡ እግዚኣብሄር ብሰብ ገይሩ፡ ጸጋኡን በረኸቱን ከም ዚህበናን ከም ዚሓልየልናን ንዝንግዕ ኢና። ንኣብነት፡ ኵሎም እቶም ኣብ ዙርያና ኪህልዉ ዚኽእሉ፡ መሳርሕትና፡ መምህራን፡ ሓካይም፡ ፖሊስ፡ መራሕ ኣውቶቡስ፡ መካኒክ፡ በዓል ዱኳን፡ ኣማኻሪ፡ ወ.ዘ.ተ፡ ብብሚክሊቶም የገልግሉና፤ ኣብዛ ምድሪ እዚኣ ክሳዕ ዘሎና ድማ፡ ብድሓን ክንነብር ይሕግዙና። በዚ ኸምዚ ድማ፡ ፍቕርን ሓልዮትን ናይ እግዚኣብሄር ብኣታቶም ንረኽቦ። እግዚኣብሄር ኣብ ዘዘሎናዮ ሕብረተሰብ ብሰላም ክንነብር፡ መፍቀርቲ ኽንከውን፡ ነቲ ኻብኡ እተቐበልናዮ ብርሃን ከኣ፡ ኣብ ዙርያና ንዘለዉ ከነብርህ ይዕድመና። ማቴ 5፡ 13-16።

## ወንጌላዊት ሉተራዊት ቤት ክርስትያን ኤርትራውያን ሰሜን ኣሜሪካ።
## ጉባኤ 2010 ዓ.ም.

ዝኸበርኩም ኣባላት ወ.ሉ.ቤ.ክ. ኤርትራውያን ሰሜን ኣሜሪካ፡ ኣቐዲምና ብስም ጐይታናን መድሓኒናን የሱስ ክርስቶስ፡ ዝዓዘዘ ሰላምታና ነቕርበልኩም፡ ከምኡውን ኣብ ኩሉ መንፈሳዊ ኣገልግለትኩም፡ እግዚኣብሄር ኣሳልጦን በረኸትን ኪህበኩም ጸሎትናን ትምኒትናን ምዃኑ ክንገልጸልኩም ንፈቱ።

ናይ 2010 ዓ.ም. ዓመታዊ ጉባኤና፡ ከም ናይ ዝሓለፈ ዓመት፡ ኣብ ከተማ ሰይንት ፖል፡ ሚነሶታ፡ ካብ ረቡዕ 7 ሓምለ 2010 ጀሚሩ ክሳብ ሰምበት 11 ሓምለ ኪፍጸም ከም እተመደበ ከነፍልጠኩም ደስ ይብለና።

እምበኣርስከ፡ ከምቲ ኣብ ወንጌል ዮሃንስ 4፡ 23 .....” ኣምላኽ መንፈስ እዩ’ሞ እቶም ዝሰግዱሉ ድማ ብመንፈስን ብሓቅን ኪሰግዱሉ ይግብኦም.....ዝበሎ፡ ብልምዲ ዘይኰነስ ብሓቅን ብመንፈስን ከነምልኽ፡ ከምኡ ድማ ከምቲ ኣብ ወንጌል ማቴዎስ 18፡ 20 ዘሎ “ክልተ ካባኻትኩም ኣብ ምድሪ ብዝለመንዎ ኩሉ እንተ ተሰማምዑ፡ ካብቲ ኣብ ሰማይ ዘሎ ኣቦይ ኩሉ ኪወሃቦም እዩ፡’ ዝበሎ፡ ንሕና’ውን ኵልና ተኣኪብና፡ ብእምነትን ብመንፈስን ክንጽሊ እሞ ኣብ ሰማይ ድማ ጸሎትና ኪስማዕ ንጸሊ። ኣብ ወንጌል ማርቆስ 16፡ 18 ከም ዚብሎ ድማ፡ “........ኣእዳዎም ኣብ ሕሙማቶም ኬንብሩ፡ ንሳቶም’ውን ኪሓውዩ እዮም፡” ዝበሎ፡ እግዚኣብሄር ቃሉን ኪዳኑን ዚሕሉ ኣምላኽ ስለ ዝኾነ፡ ኣብ ጉባኤና ድማ፡ ንዝደኸሙ ሓይሊ፡ ንዝሓዘኑ ምጽንናዕ፡ ንዝሓመሙ ድማ መድሃኒት ኪህበና ኵልና ልብናን መንፈስናን ካብ ሎሚ ጀሚርና ድሉዋት ንኹን።

ኣብዚ ናይ ሎምዘበን መደብ ካብ ናይ ቆሉዑን መንእሰያትን ዓበይትን ዝኸውን በብዓይነቱ መደባት ከነዳሉ ስለ ዝኾንና፡ ብቐጠባውን መንፈሳውን ሓይልና ድልዱላት ክንከውን፡ ካብ ሎሚ ጀሚርና ክንዳሎ ነተሓሳስብ።

ንዝኾነ ሕቶ ወይ ተወሳኺ ሓበሬታ፡ ብተለፎን ወይ ብ ኢ-መይል ከነገልግለኩም ድሉዋት ምዃንና ነፍልጠኩም።


ህብትዝጊ ረድኣዝጊ 651 428 7952 habnoma@yahoo.com
ዮሃንስ ዑቕባዝጊ 651 373 6796 yohanneso@yahoo.com
ካሌብ መሓሪ 651 210 7422 kalebmehari@yahoo.com


እግዚኣብሄር ኣምላኽ ይባርኽኩም
ኣሕዋትኩም ኣባላት ፈጻሚት ሽማግሌ።

## መልሲ ናይ ዝሓለፈ ሕቶታት መጽሓፍ ቅዱስ።

## ወርሒ መጋቢት 2010 ዓ.ም.

1. ሰኬም ይበሃል። ( ዘፍ. 12፡ 6-7 )
2. ኣብ ቤት ኤል። ( ዘፍ. 35፡ 1–5 )
3. ራማ። ( 1ይ ሳሙ. 7፡ 17)
4. ኣብ ዓውዲ ኣራውና። ( 2ይ ሳሙ. 24፡ 18- 19 )
5. ኪዕጠቕ፡ ኣሳእኑ ኬእቱ፡ ክዳኑ ኸኣ ኪኸደን። ( ግብ. ሃዋ. 12፡ 8 )
6. ቤት መቕደስ ዳጎን ይበሃል። ( መጽ. መሳፍ. 16። 23 )
7. እምነትና እያ። ( 1ይ ዮሃ. 5፡ 4 )
8. "ብናይ ጐይታ ተግሳጽን ምዕዶን" ኬዕብይዎም። (ኤፌ 6፡ 4 )
9. ማሕበር ፊላደፍያ። ( ራእ. ዮሃ. 3፡ 8 )
10. ንሃዋርያ ቶማስ። ( ዮሃ. 14፡ 5 )
11. መጽሓፍ ንብዩ ኢሳይያስ ሃብዎ። ( ሉቃስ 4፡ 17 )
12. ኪሓርስ ከሎ ረኸቦ። (1ይ ነገስት 19፡ 19 )
13. ንጊደዎን። ( መሳፍ. 7፡ 4-7 )
14. ዝጠፍኣ ኣእዱግ ኪደሊ ኸሎ። (1ይ ሳሙ. 9፡ 3-14 )
15. ንኣሞጽ። ( ትንቢት ኣሞጽ፡ 7 ፡ 15 )

## ሕቶታት ካብ መጽሕፍ ቅዱስ።

## ወርሒ ሰነ 2010 ዓ.ም.

ብመም. ትበርህ ኣማኑኤል እተዳለወ።

1. እታ ንየሱስ ብሕጻኑ፡ ምስ ወለዱ ዝረኸበቶ ነብዪት መን ትበሃል? ( ሉቃ. 2፡ )
2. ድሕሪ ሄዋን፡ እታ ቀዳመይቲ ኣብ መጽ. ቅዱስ እተጠቕሰት ሰበይቲ መን ትበሃል? ( ዘፍ. 4፡ )
3. እቶም ሰለስተ ብጾት ዳኒኤል (ኣይሁዳውያን) መን መን ይበሃሉ? ( ዳን. 1፡ )
4. ኢሳይያስ ብምንታይ ገይሩ እዩ ንቑ`ስሊ ህዝቅያስ ዘሕወዮ? (2ይ ነገስት 20፡)
5. እቲ ብዕስራ ጎነ ስገምን፡ ጥቡስ ሰዊት ስርናይን ገይሩ ንሚእቲ ሰብ ዘብልዔ መን ይበሃል? ( 2ይ ነገስት 4፡ )
6. እቶም ንጳውሎስ ብዳርባ እምኒ ፈጽፊጾም፡ ዝሞተ ምሲሉዎም፡ ካብታ ከተማ ንወጻኢ ዝጉተትዎ እንታዎት እዮም? ( ግብ.ሃዋ. 14፡ )
7. ኣብርሃም ካብ እንታይ ዓይነት ዕንጨይቲ እዩ ታቦት እግዚኣብሄር ዝሰርሐ? ( ዘዳግም 10፡ )
8. ኖህ ካብ እንታይ ኦም ገይሩ እዩ መርከብ ዝሰርሐ? (ዘፍ. 6 )
9. ንኣንበሳ ዚመስል፡ ኣኽናፍ ንስሪ ድማ ዝነበሮ እንስሳ፡ ብሕልምን ራእይን ዝተራእዮ ነብዩ፡ መን ይበሃል? (ትንቢት ዳን. 7፡ )
10. ኣብ መ/ቅ ብንእሽቶኡ ዝነገሰ መን ይበሃል? (1ይ ዜና መዋእል )
11. ሳሙኤል ነቲ ኣብ መንጎ ሚጽጳን ሼንን ዘንበሮ እምኒ፡ "እግዚኣብሄር ክሳዕ ኣብዚ ረዲኡና፡" ኢሉ፡ እንታይ ኢሉ ሰመዮ? (1ይ ሳሙ. 7፡ )
12. የሱስ፡ ኣብ መንግስተ ሰማያት፡ ዓብዩ ዚበሃል ከመይ ዝበለ ሰብ እዩ ዝብሎ? ( ማቴ. 5፡ )
13. ሾብዓተ ግዜ ከም ኣብዑር ሳዕሪ ዝበልዐ ንጉስ፡ መን ይበሃል? ( ዳን. 4፡ )
14. ኣብ መንጎ ፈሪሳውያንን ሰዱቃውያንን፡ እንታይ ዝብል ናይ እምነት ፍልልይ ነበረ? (ማር. 12፡ ግ.ሃዋ. 23፡ )
15. ሃዋርያ ጳውሎስ፡ እምነት ካብ ምንታይ እያ ይብላ? ( ሮሜ፡ 10፡ )

## ምልክታ ንዝኸበርኩም ኣንበብቲ ቃል ጸጋ።

ኣቐዲምና፥ “ካብ እግዚእብሄር ኣቦናን፥ ካብ ጐይታን የሱስ ክርስቶስን ጸጋን ሰላምን ንኣኻትኩም ይኹን እናበልና ሰላምታና ነቕርበልኩም። መጽሄትና፥ ብሳላ ጸሎትኩምን፥ ጽኑዕ ምንዮትኩምን፥ ንዋታውን ሞራላዊ ደገፍኩምን፥ ብጽኑዕ ትቕጽል ኣላ። ኣብ ዓመት ኣርባዕተ ግዜ እናተሓትመት፥ ብሓይሊ ኣምላኽ፥ እንሆ ዓሰርተ ዓመታ ኾይኑ።

ከምቲ ኩሉ ግዜ እነመልክቶ፥ ዝኾነ እትህቡዎ ሓገዝ፥ ብስም ወንጌላዊት ሉተራዊት ቤት ክርስትያን፥ ሰሜን ኣሜሪካ፥ (E.E.L.M.S) ኢልኩም፥ ብቸክ ወይ ብማኒ ኦርደር፥ ናብ ኣድራሻ ቃል ጸጋ ክትሰዱዎ ንላቦ። “ኣምላኽ ሕጉስ ወሃቢ እዩ ዚፈቱ እሞ፥ ነፍሲ ወከፍ ብጓሂ ወይ ብግዲ ዘይኰነስ፥ ከምቲ ብልቡ ዝሓለኖ ይሃብ።” 2ይ ቆረንቶስ 9፥ 7 ።

ኣድራሻ ክትልውጡ ከሎኹም፥ እቲ ሓዲሽ ኣድራሻኩም ብቕልጡፍ ከተፍልጡና ኽኣ ሓደራ ንብል።

ኣካየድቲ ቃል ጸጋ።

| | |
|---|---|
| መም. መለስ ሳህለ። | ቀሺ. ክብርኣብ ይስሃቅ። |
| ኣቶ ኤደን ምስግና። | ኣቶ በረኸት ሰዓረ። |

Kal Tsega
(Word of Grace)

**Kal Tsega is a quarterly newsletter published by the Eritrean Evangelical Lutheran Church in North America. The purpose of this publication is to edify and nourish Eritrean Christians in North America and around the world with the Word of God which is found in the saving act of Grace through the saving act of our Lord and Saviour Jesus Christ. “For by grace you have been saved through faith, and that not of yourselves; it is the gift of God, not of works, lest anyone should boast.” Ephesians 2:8-9.**




Kal Tsega
6151 Dryad Dr.
Houston, TX. 77035



ናብ ቤት እግዚኣብሀር ንኺድ ምስ በሉኒ ተሓጎስኩ